25 ሓምለ 2006

ሎሚ፡ 25 ሓምለ 2006 ጉባኤ ንሳልሳይ መዓልቱ ቀጺሉ ውዒሉ። ጉባኤኛታት፡ ጉዳይ ውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግታትን ብዝብል ሓድሽ ኣጀንዳ ኢዮም ምይይጦም ጀሚሮም። ካብ'ቲ ብ1971 ዓ.ም እተኻየደ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣትሒዙ፡ ኣብ ኩሎም ስዒቦም ዝመጹ ጉባኤታት፡ ንውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግታትን ምምሕያሽ ልሙድ ባህሊ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። ስለ'ዚ ክሳብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ሓሙሽተ ግዜ ተመሓይሹ ኣሎ ማለት ኢዩ። መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ሰለስተ ናይ ሽማግለታት ተኸፊሉ ንውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግታትን ድሕሪ ምጽናዕ፡ ብለበዋታት ኣሰንዩ፡ ንዝያዳ ክትዕን ምምሕያሻትን ናብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣውሪድዎ።

እቲ ኣኼባ ክጅምር እንከሎ፡ ሰክረታርያ ጉባኤ፡ ነቲ ብመሪሕነት ዝቐረበ ምምሕያሻት ዘለዎ ውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግታትን ኣባዚሑ ናብ ኣባላት ጉባኤ ዘርጊሕዎ። እቲ ዝተገብረ ምምሕያሻት፡ ተዓጻጻፍነት ዘፍቅድን በብእዋኑ ለውጥታት ክግበረሉ ዘኽእል ሓደስቲ ዓንቀጻት ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ። ጉባኤኛታት ኣብ'ቲ ዝቐረበ ንድፊ ዕቱብ ክትዓት ድሕሪ ምክያድ፡ ዝውሰኽ ወሲኾም፡ ዝጐድል ኣጕዲሎም ብዓብላሊ ድምጺ ኣጽዲቖሞ። ኣብ ክሊ'ቲ ዝጸደቐ ውሳኔታት፡ መሪሕነት፡ ነቲ ህጹጽ ፍትሓት ዝደሊ ጕዳያት ውሳኔታት ክወስድ ንመሪሕነት ሓላፍነት ኣሰከሞ።

ውድባዊ መደብ ዕዮ ንተሓኤ ይኹን ንዝኾነ ይኹን ካልእ ውድብ ኣገዳስነት ዕዙዝ ምኻኑ ርዱእ ኢዩ። ብመሰረት ውሽጣዊ ሕግታት ውድብ ጉባኤ ዝለዓለ ስልጣን ክኸውን እንከሎ፡ መሪሕነት ከኣ ውሳኔታትን ሕግታትን ኣብ ግብሪ ዘውዕል ኣገባብ ኢዩ። መሪሕነትን መሰረታትን በቲ ኣብ ጉባኤታት ዝጸደቐ ሕግታት ምእዙዛት ክኾኑ ኣለዎም። ከም'ዚ ዝኣመሰለ መስርሕ፡ ዋሕስነት ናይ ስልጣን ብሰላማዊ ኣገባብ ምቅብባል ኢዩ።